# ዓመታዊ ጉባኤ ማሕበር ልምዓት ሸረ ብዓወት ተዛዚሙ

ዓመታዊ ጉባኤ ማሕበር ልምዓት ሸረ ኣብ ላስቬጋስ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብድምቀት ተኸቢሩ:: እቲ ባዓል ንኹሉ ትግራዋይን ፍታዊ ልምዓት ዓዲን ዝሓወሰ ድሙቕን ናይ ልምዓት ሓቦ ዝተላበሰ ውዕይ ምንቅስቓስ ዝተራእዮ ዕለት ኢዩ ነይሩ::

እቲ ምንቅስቓስ ደማ ሕጽር ብዝበለ መልክዑ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል ነይሩ:: ኣባላት ማሕበር ልምዓት ሸረ ነበርቲ ላስቬጋስ ካብ ዕለት 25-27 ንጎሆ ጋያሹ ካብ ቦስቶን ብርክት ዝበሉ፣ ዋሽንግቶን ፣ችካጎ፣ ዴንቨር፣ ኮሎምበስ፣ ኣትላንታ፣ ዳላስን ኦሬገን ዝመፁ ተኻፈልቲ ኣብ ምቕባልን ናብ መዕረፊ ቦቶኦም ምውሳድን ዓዲ ኣብ ምርኣይን ተጊሆም እንትሰርሑን ከምኡ'ውን ጎኒ ንጎኒ እቲ ኣዳራሽ ኣብ ምድላውን ምምልኻዕን ይበል ዘብል ስራሕ ሰሪሖም ብበዝሑ ኣብ ላስቬጋስ ንመጀመርታ እዋን ኣብቲ ዘዳለውዎ ውቁብ ኣዳራሽ ክእከቡ ምኽኣሎም ንኹሉ ዝረኣየን ዝነበረን ዘሕጉስን ዘሕብንን ነይሩ::

ኩሉ ትግራዋይን ካሊእ ፈታዊን ተአኪቡ ኣብ እዋኑ ኣብቲ ዝታዳለወ ቦታ ድሕሪ ምርካብ እቶም ወናማት ከየንቲ ትግራይ ማለት ተጋዳላይ ኣበበ ኣርኣያ፣ ያይነ ኣባይ፣ ዓዚዝ ሓጎስ፣ ወዲ ሹቕ በቲ መረዋሕ ዝጥዕም ድምፃም ንወዲ ትግራይ ሰለል ከብልዎ ጀመሩ::

ድሕሪ እተወሰነ ስዕስዒትን ተሓጋስን ኣቦ ውንበር ማሕበር ልምዓት ሸረ ጨንፈር ላስቬጋስ ኣይተ ተስፋይ ኣሰገዶም ብዛዕባ ኣመሰራርታ ማሕበር ልምዓት ሸረን ጥቕሙን ንምንታይን ንዝበሉ ጉዳያት ስፍሕ ዝበለ መግለፂ ድሕሪ ምሃብ ቀንዲ ዕላማ ማሕበር ልምዓት ሸረ ኣብ ከባቢ እቲ ዞባ ዘለው መጠነ ሰፊሕ እተፈላለዩ ሕፅረታት ኣብ ምውታፍን ምቅላልን ዓቕሚ ዝፈቐዶ ሓገዝ ንምብርካት ጥራሕ ኢዩ ኢሉ:: እዚ ንምትግባር ድማ ኩላትና ተጋሩ ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ ልምዓታዊ ምንቅስቓስ ክንደጋገፍን ክንተሓጋገዝን ይግባእ ብምባል ንኹሉ ዕዱምን ኣባልን ኣመስጊኑ ሃሳቡ ዛዚሙ::

ቀፂሉ ኣቦወንበር ማሕበር ልምዓት ሸረ ሰሜን ኣመሪካ ኣይተ ኪሮስ ኣርኣያ ኣብ ዘስመኦ መደረ ብቐዳምነት እቶም እዚ ባዓል ጋህዲ ክኸውን ንጡፍ ምንቅስቓስ ንዝገበሩ ኣባላትን መዳለውትን ከምኡ'ውን ነዚ ዕድመ ኣኽቢሩ ንዝመፀ ኩሉ ዕዱም ድሕሪ ምምስጋን እቲ ማሕበር ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ዝሰርሖም ኩሎም ስራሕቲ ብዝርዝር እንተቕርብ ማሕበርና ሕዚ ኣብ ምዕባይን ምጉልባትን እንትርከብ ዛጊድ በውሱን ምንቅስቓስ ዝተኣከበ ልዕሊ 30 ሺሕ ዶላር ናብ ማእከላይ ቤት ፅሕፈት ከተማ ሽረ ኣታዊ ከምዚኾነ ሓቢሩ:: እንሰርሖ ስራሕ ፅፍትን ፅሬትን ምእነታን ክህልዎ ዘበናዊ ኣሰራራሓ ብምኽታል ንምቁፅፃር ኮነ ንምፍላጥ ዘኽእሉ ኣሰራራሓታት ተቐቢልና ብተግባር ክነርኢ ይግባእ እንትብል ኣይተ ኪሮስ ሓቢሩ::

አይተ ኪሮስ አርኣያ ከምዝሓበሮ እቲ ዝተኣከበ ከንዘብን ነዳሓር ክንረኽቦ ኣልና እንቀሳቐሰሉ ዘለናን ገንዘብ ኣብ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ሕፅረት ቤት ንባብ ስለዘሎ እዚ’ውን ኣብ’ቲ ዞባ ዘለው ዝምልከቶም ኣካላትን ማሕበር ልምዓት ሽረ ሰሜን ኣመሪካን ብምዝርራብን ብምትእምማንን እቲ ሕፅረት ቤት ንባብ ክቃለል ናይ ኩላትና ፃዕሪ ምኳኑ ብምእማን ክስራሕ ከምዘለዎ ናይ ሓባር ውሳነ ብምበፃሕ እነሆ ሎሚ እቲ ዞባ ነቲ ዝተጠቐሰ ዓውዲ ፍልጥት ቤት ንባብ እኹል መሬት ድሕሪ ምሃቡ ዓለም ለኽ ማሕበር ልምዓት ሽረ ኣፍቲ ቦታ ተረኺቢ እምኒ መስረት ኣውዲቑ ሕዚ እቲ ስራሕ ኣብ ምቅልጣፍ ይርከብ እንትብል ኣይተ ኪሮስ ኣበሲሩ:: ወሲኹ’ውን  ንሕና ተጋሩ ኣብ ልምዓት ዓድናን ከባቢናን ብንጥፈት እንተዘይሰሪሕና ኩሉሻዕ ተፀበይቲ ጥራሕ ከምእነኸውን ኣስሚሩ ኩላትና ተጋሩ ክንተሓባበርን ክንዳጋገፍ ይግባእ ምስበለ ብቀጥታ ካብ ማከላይ ቤት ፅሕፈት ከተማ ሽረ ዝተሰደደ ሕፅር ዝበለ ሪፖርት ብንባብ ድሕሪ ምስማዕ ንተመልከትቲ ኣመስጊኑ ሃሳቡ ፈፀመ::

*ድሕሪ እዚ ወናማትን ጀጋኑን ደረፍቲ ትግራይ እንበር ተጋዳላይ* እናበሉስ መሬት ወገግ እዩምበር::